## ናይ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት መራኸቢ

እዚ ናይ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት መራኸቢ ኣብ 2006 ነዚ ዛንታ ኣዘንትውለይ ወይ ስድራ ምስ ምጽሓፍን ምንባብን ዝብል መደብ ንክጅምር ተመደበ። ኣብ 2008 ከኣ ምስ ናይ ስዊዝ UNESCO_ ኮሚሽን ኮይኑ ብምቅላስ ዕዉት ክኸውን ኪኢሉ።ኣብ ነሓሰ 2010 ካብ UNICEF-Orange Award ናይ ባህላዊ ምትሕብባር ብምርካብ ዕውት ክከውን ከኣለ።
እዚ ናይ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት መራኸቢ ኣብ ምሉእ ስዊዝ ብመልክዕ ዛንታ ምዝንታው ወይ ስድራ ምንባብን ምጽሓፍን( ሮማድየንን : ሂስቶሪይ 1001) ይቀርብ።
ንምንባብ ምትሕብባር ድህሰሳ ጥንታዊ ነገር ኣብ ጨንፈር ቆልዑን መንእሰያትን እቲ ቀዳማይ ዕማም ናይ እዚ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል እዩ። ብተወሳኺ ውን ኣብ ሮማድየንን ተሲንን ይቀርብ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ዕለታትን ኣብ
**www.sikjm.ch/literale-foerderung/projekte/schenk-mir-eine-geschichte**

## ባህዊላት ቤት ንባብ

እዛ ካብ ቡዙሕ ባህልታት ዝቆመት ቤት ንባብ ብዝተፈላለየ ቛንቛ ዝተጽሕፉ ማእለያ ዘይብሎም መጻሕፍቲ ንኣገልግሎት ተቅርብ።ንሳ ከኣ ብባህላዊት ቤት ንባብ ትፍለጥ።
www.interbiblio.ch

## ትካል ቤት ንባብ ስዊዝ

ኣብ ቤት ንባብ ናይ ስዊዝ ኣብ ከተማ ኮነ ኣብ ኖቑጣታት ኣብ ቤት ትምህርታትን ብዓሰርተ ዝተፈላለየ ቛንቛታት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ከተለቕህ ትክእል። www.bibliomedia.ch






SIKJM
Schweizerisches Institut für Kinder- und Jugendmedien
Georgengasse 6, 8006 Zürich
Tel. 043 268 39 00
info@sikjm.ch
www.sikjm.ch


Illustrationen: © Claudia de Weck

# ዛንታ ኣዘንትውለይ

## Family Literacy



ትግርኛ / Tigrinya

ሓደ ናይ ንባብምትሕብባር ቀረብ ንስድራ



ወለዲ ደቆም ቛንቛኦም ንከማዕብሉ ዓቢ ተራ ኣለዎም።


SIKJM
Schweizerisches Institut für Kinder- und Jugendmedien

## ቛንቛ ኣደ ምዝራብ

እንተድኣ ወለዲ ምስ ደቆም በቲ ኣዝዮም ዝመልከዎ ቛንቛ ዝዛረቡ ኮይኖም እቲ ቆልዓ ርእሰ ተኣማንነት የሕድር ካልእ ቛንቛ ንክመሃር ከኣ ኣዝዩ ይቀለሉ።



## ጽን ኢልካ ምስማዕን መልሲ ምሃብን

ንደቅኹም ዝተዓዘብዎ ወይ ዝሰርሕዎ ሕተትዎም ንዕኡ ንምግላጽ ብዙሕ ቃላት ክጥቀሙ ይግደዱ ብከምዚ ከኣ ሓደሽቲ ቃላት ይመሃሩን ምስ ዓለም ክላለዩ ድሌት የሕድሩን።

## ብትዛረቦ ቛንቛ ሕጉስ ምዃን

ቆልዑ ንቛንቋኦም ብደርፊ ሓጸርቲ መዛሙ ርን እንዳተቀሳቀስካ ብትጻወቶም ጸወታን ደስ እንዳበሎም ክመሃርዎ ይኽእሉ።

## ብዙሕ ቛንቛ ንምዝራብ ምትሕብባር

ነደቅኹም ኣብ ሓደ ጊዜ ክልተ ወይ ሰለስተ ቛንቛ ክመሃሩ ይኽእሉ። ኣዝዩ ክሕግዞም ዝኽእል ነገር ከኣ፦መዓስ እንታይ ዓይነት ቛንቛ ከም እትዛረብዎም ፈሊኹም ግዜ ምስ እትገብርሉን ኩሉ ግዜ ብኡ ምስ እትጸንዑን ጥራሕ ኢዩ።

## ዝምድና ወይ ዕርክነት ምፍጣር

እንተድኣ ንደቅኹም ምስ ካልኦት ቆልዑ ይኹን ምስ ዓበይቲ ምሕዝነት ከም ዝፈጥ ሩ ምስ እትገብሩ ቀልጢፎም ቛንቛ ጀርመን ንኽመሃሩ ይሕግዞም። ስለዚ ከምዚ ዕድል ንደቅኹም ክትፈጥሩ ይግበኣኩም።



## ዛንታ ምዝንታውን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምግላጽን

ዛንታን ስእልን ንደቅኹም ምስ ሓዱሽ ዓለም የላልዮም ምስኡ ከኣ ብዙሕ ቃላት ክመሃሩ ይሕግዞም።

## ብሓባር ምስ ፊደላት ምልላይ

ንደቅኹም ምስ ፊደላትን ምልክታት ናይ ነገራትን ምልላይ ኣዝዩ ይምስጦም።ብሓገዝኩም ከኣ ምስጢርን ኣቃውማን ናይ ፊደላት ቀልጢፎም ይመሃሩ።





## ቤት ንባብ ምጥቃም

ናብ ቤት ንባብ ብሓባር ምስ ደቅኹም ብምኻድ ዝደለኹሞ መጽሓፍቲ ብምምራጽ ተለቂሕኩም ንገዛኹም ክትወስዱ ትኽእሉ።

### ንምንባብ ምትሕብባር፦ሓደ ስድራ ንሓደ ቆልዓ ናይ ምንባብ ክእለቱ ንከማዕብል ዓቢ ተራ ትጻወት።

ቆልዑ ቀዳማይ ቛንቖኦም ብጽቡቕ ንምኽኣል ዝሕግዞም ነገራት፡ ቡዙሕ ነገር ባዕላቶም ክምኩሩ ምግዳፍን ኀኒኀኑ ብዛዕብኡ ምስ እነዕልሎምን፡ ስእልታትን ምልክታትን ምስ እንገልጸሎምን፡ ምስ ፊደላት ከም ዝላለዩ ምስ እንገብርን ኮታስ ብጽቡቕ ቛንቛ ኣዲኡ ዝኽእል ቆልዓ ኣብ ትምህርቲ ቀልጢፉ ቛንቛ ጀርመን ንክሕዝን ናይ ምንባብ ክእለቱ ከማዕብልን ይሕግዞ። እዚ መደብ እዚ ማለት ዛንታ ኣዘንትውለይ ወይ ስድራ ምስ ምንባብን ምጽሓፍን ዘስተምህሮ ነገር፦ወለዲ ንደቆም ቛንቛ ኣዲኦም ንክኽእሉን ናይ ምንባብ ክእለቶም ንከማዕብሉን ከመይ ገይሮም ከም ዝተሓባበርዎም የስተምህር።

### ታሪኽ ምንባብ ንወለዲ ቆልዑን ካብ 2 ክሳብ 5 ዓመት

ወለድን ደቆምን ብተካታታሊ ኣብ ታሪኽ ወይ ዛንታ ዝንበበሉ ቦታ ይርከቡ። እቲ ታሪክ ወይ ዛንታ ብቛንቛ ኣደ ወይ ብቛንቛ ጀርመን ይንበብ።እታ ኣንባቢት ብናይ ስዊዝ ትህምርታዊ ትካል ንቆልዑን መንእሰያትን መከራቢ ዝተማህረት ኮይና ነቶም ወለዲ ምስ ደቆም ሓደ ዛንታ ንከተንብበሎምን ወይ ብሓባር ንክዝምሩ ንክጻወቱን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ንክርእዩን ብክብሪ ትዕድሞም። እቶም ወለዲ ይኩን እቶም ቆልዑ ነዚ መደብ ብነጻ ይካፈልዎ።እዚ ከኣ ኣብ ቤት ንባብ ወይ ኣብ ሓደ ኀልኀል ቦታ ይካየድ።

### ዝተፈላለየ ቛንቛታት

እዚ መደብ እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ዓድታት ይካየድ።ዘይ ቀረበ ቛንቛ እንተልዩ ዉን ንምጅማር ትክእሎ ከም ዘሎ ንሕብር።ሓዱሽ ዝኮነ ሓበሬታ ወይ ዕለታት ዝከየደሉ ክትፈልጡ ምስ ትደልዩ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ክትረክብዎ ትክእሉ። www.sikjm.ch